# ዕወት ጽንብል 8 መጋቢት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀ-ኣንስትዮ

## ብዕለት 02.03.2019

## ኣብ ከተማ ከለን

ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀንስትዮ ብዓል 8 መጋቢት ኣብ ከተማ ከለን ብዕለት 02.03.2019 "ሰላም ውጽኢት ጽንዓትና ፡ ልምዓት ፍረ ዕዮና !!" ብዝብል ቴማ ብድምቀት ተኸብረ። መደብ ብዓል ብዝኽሪ ሰማእታት ብድሕሪ ምኽፉት፡ ኣደ ወንበር ሃማደኤ ከለን ወ/ሮ ቅዱሳን ገብረእዝጋቢሄር ንተሳተፍቲ በዓል ብስም ብጾታ ኣባላት ሃማደኤ ከለን ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም ምንዮት ብምግላጽ፡ ካብ ኣደ መንበር ሃማደኤ ጀርመን ወ/ሮ ዑቕባ ኣፍወርቂ ንጉጅለ ከለን ተላእከ ረዚንን ሰፊሕን መልእኽቲ 8 መጋቢት ዝሓዘለ ቃል ሃማደኤ ኣቕረበት። ብምቕጻል ኤርትራዊት ጓላ ኣንስተይቲ ኣብ ምርግጋጽ ናጽነትን ምውሓስ ልኡላውነትን ዘርኣየቶ ጅግንነትን ጽንዓትን፡ ሕመረት ማዕርነታዊ ቦታኣ ምኳኑ ብምምልካት፡ ሕጂ'ውን ኣብዚ ህሉው መድርኽ ዓቕምናን ብቕዓትናን ኣበርኪቶናን ብምብራኽ ኣብ ምሕያል ሃገራዊ ጥምረትን ምዕዋት መደባት ልምዓትን ቁጠባዊ ዕብየትን መላእ ህዝብና ንምዕዋት ቃልሲ ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ እናሓደረ ዝኸላዕን ቀጻሊ ከምዝኾነ ኣብርሀት። ብምስዓብ ወ/ሮ ቅዱሳን ናይ ከተማና ህዝባዊ ውዳቤታትና ወከኣ ሃገራዊ ሽማግለን ደቅናን ኣሕዋትናን ብጾትና ደቂ ተባዕትዮ መደባትና ዓመት ዓመት ክዉንን ዕዉትን ንክኸውን ብእተበርክትዎ ኣወንታዊ ደገፍ ዓቢ ሓበን ይስምዓና ክትብል መጎሳ ገለጸት።

ኣቶ ተኸሉ ለባሲ ሓላፊ ህዝባውን ዲፕሊማሲን ዜናን ኢምባሲ ሃገረ ኤርትራን ካብ ከተማ በርሊን ንኽብሪ በዓል 8 መጋቢት ኣብቲ ጽምንብል ተሳተፈ ፥ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ ፥ ቃልሲ ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ብሓፈሻኡ፡ ቃልሲ ሃማደኤ ውን ብጥርኑፍን ውሁድን ሓደ ጽኑዕን ሓያልን ሃገራዊ ማሕበር ደርጃ ኮይኑ ፥ ኣብ ውሽጢ ሃገር ጥራሕ ዘይኮነ ኣብ ዓለም እንተኾነ ውን መዳድርቲ ዘይብሉ ምኳኑ ኣብ ዝሓለፉ 40 ዓመታት ብዘበርከቶ ኣወንታዊ ውጺታትን መዳርግቲ ከምዘይብሉ ተመኪረሉን ምኳኑ ጭቡጥን ርእዩን ሓቂ እዩ በለ። ሓደ ካብቲ ኣብ ዓለም ተራእዩ ዘይፈልጥ ብመሪሕነት ሃማደኤ ሃገረይ ስልማተይ ኣብ ትሕቲ ዝብል ጭርሖ ንመጀምርያ ግዜ ኣብ ኤርትራ ጥራሕ እዩ ክመዚ ዓይነት ጅግንነት ተራእየ። እዚ ሓያል ዕጥቂ ናይዚ ማሕበርዚ ተበገሰን ተሰረተን ኮይኑ ፥ ኣብ ብምሉእ ሕብረተሰብ ኤረትራ ተቐባልነት ረኺቡ፥ ሃማደኤ ንሃገራዊ ቃልሲን ንምዕዋትን ልኡላውነት ሃገር ንምውሓስን ንዝተኻየደ በዳሂ መኸተ ኮሊዔንኡ ጥራሕ ዘይኮነስ ፥ ብዘርኣይኦ ጀግንነት ኣብ ዝለዓለ ጥርዚ ንዓወትን ኣብጺሒንኦ እንተተባህለ ምግናን ኣይኮነን ። ኣብቲ ተሪፉ ዘሎ ማሕበረሰብኣዊ ለውጢ ኣብርከቶኤን ከምዘዕዝዛን ከምዝዕወተሉ ድማ ዘጠራጥር ኣይኮነን ክብል ኣብ ቃልሲ ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ዘለዎ ዕዙዝ ኣኽብሮት ገለጸ። ኣቶ ተኸሉ ብምቕጻል በዚ ኣጋጣሚ ጉዳይ 8 መጋቢት ጉዳይ ሃገርን ሕብረተሰብን ስለ ዝኮነ ብህዝባዊ ውዳቤታን ብሃገራውያን ዜጋታንን ፡ እኩብ ድምር ክዝረበሉ እንተኾይኑ ብምዕቡል ኣተሓሕዛ ብደረጃ ሃገራዊ ሽማግለ ክምእከል ሃገራዊ ተውልእኦ ስለ ዝኾነ፡ ብዕቱብ ክስርሓሉ ከምዘለዎ ኣስሚርሉ።

*ኣቶ መንግስተኣብ ኣርኣያ ኣቦ መንበር ሃገራዊ ሽማግለ ከተማ ከለን ንውዳቤታ ከተማ ከለን ወኪሉ ንቓልሲ ብጾቶም ኣባላት ሃማደኤ ከለን ዘተባብዕ ብጸይነታዊ ደግፍ ኣብ ዘቕረበሉ፥ ሎሚ ዓመት መበል 110 ዓመት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀንስትዮን መበል 40 ዓመት ሃገራዊ መዓልቲ ደቂ ኣንስትዮን ኣብ ድርኾኹት መበል 28 ዓመት ነጻነት ኤርትራ ነብዕል ስለ ዘሎና ፍሉይ ትርጉም ከም ዘለዎ፡ ሎሚ ንድሕሪት ተመሊስና መሰል ደቂ ኣንስትዮ ክንዛረብ ከሎና ሕጂ መንግስቲ ኤርትራ ናይ ቅድም ህ.ግ. ንሕቶ ደቀንስትዮ ማዕረ ማዕረ ምሕራር ሃገር ይርእዮ ከም ዝነበረ ሕሉፍ ታሪኽ ይገልጸልና በለ። እዚ ኸኣ ታሪኽና ከም ዝምስክሮ ብቐሊሉ ዝመጸ ዓወት ዘይኮነስ ፤ ደቀ ኣንስትዮ ኤርትራ ኣንጻር ድርብ ጭቆና ዝተቓለሳ፤ ዝሰንከላ እታ ሓንትን ዝኸበረትን ህይወትን ዝኸፈላ ኣባላት ሕብረተሰብ ስለ ዘለዋና እዩ። ስለዚ ብሙሉእ መንፈስናን ቀልብናን ነተን ብህይወት ዘየለዋ እወ ሳላኸን ብዙሕ ዓሚምናን ሰጊርናን፤ ነተን ዘለኽን ከኣ እንቋዕ ኣብዚ ኣብቕዓክን ብምባል ኣብ ጎንኽን ከም ዘሎና ውን ደጊምና ደጋጊምና መብጽዓ ንኣቱ ናይ ዮሃና መልእቲ ኣቕረበ።*

*ቀጺሉ ኣብቲ ብሃማደኤ ከለንን ተወዲቡ ብውዳቤታትን ሃገራዊ ሽማግለ ከለንን ተማእኪሉ ዝካየድ ዝነበር ምቕሉል እንግዶት ናይ መዘነግዒ መደባትን እኽለማይን ንኒጋዶ ብዓል ብምስታፍን ምውሳእን ፡ በቲ ብወናም ስነ ጥበባዊ ድምጻዊ መንእሰይ ካርተር ሰሎሙን ዝቐረበ ዘይሕለል ውዕዉዕ ባህላውን ዘመናውን ትልሂት ብምዝንጋዕን ብተሳተፍቲ በዓል ዓቢ ኣድናቖት ከትርፍ ከሎ ፡ነቲ ኽቡር በዓል ንምጽንባል ብፍላይ ካብ ከተማ ቡፐርታል ብፍሉይን ብጥርንፍን ምዕሩግን ባህላዊ ኣገባባ፡ ዝተውሰኣ ብጾት ኣባላት ሃማደኤን ቡፐርታልን ፡ ዕድመ ኣኽቢሮም ካብ ከተማታት ዞሊንግን ለቨርኩሰን ሬክሊንግ-ሃውሰን ካልእ ቦታትን ዝመጹ ግዱሳት ሃገራውያን ተሳተፍቲ ፡ ብዝተራእየ ሕጉስን ሓድነት ዝመልኦ ሃዋህውን ነቲ በዓል ፍሉይ ድምቀት ብምሃብ ፡ ሃገራዊ መንፈስ ዝዓሰሎ ጽምብል 8 መጋቢት ተኻይዱ።*

*ዘልኣለዊ ዝኽሪ ንሰማእትና*
*ዕደመ ን8 መጋቢት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቂ ኣንስትዮ*

*ዓወት ንሓፋሽ !*
*ሃገራዊ ማሕበር ደቂኣንስትዮ ኤርትራ ከለን*

*ምስ ብጾትና ሃገራዊ ሽማግለ ከተማ ከለን* — *ብዕለት 02.03.2019*